# ቶጎሩባ

‘‘ወርሒ መጋቢት ሱሳን አርባዕተን’’

ቶጎሩባ ዓባይ ሓበን’’

ብሓቂ ቶጎሩባ ሓበና

መነሃሪት ቃልሲ ፈለማ ዓወትና

ፊት ንፊት ገጢምካ

ካብ አጥቂዕካ ምምላስ ሓሊፍካ

ብድሎ ከይተዕሎ

ዘእቶኻሉ ሰለሎ

ነማኢታት ጦርሰራዊት

መሰነይታኦም ሞርታራት

ረሳ አብ ለዕሊ ረሳ ፈቀዶ ሩባታት

ንጸላኢ ሕስረት ንህዝብና ብስራት

አንታ ሰራሕ ቓያ ባዓንተቦ

ንህዝበይ ይጣዓሞ ኢሉ ዝተላቦ

ሕሞሮቱ ዘይሃሥስ ባዓል ሓቦ

አደታት ዘይተቆጣዓ

መስዋእትነትካ እናሰማዓ

ብሰም ናትካ ተወሌዑ ሽማዓ

ግን ብሽም ነጻነት ተታሊለን

ዓንቀር ምላሽ ዓሊለን

አቦታት ውን ተዳህሊሎም

ሓቂ መሲሉዎም ደብሎም
ሳዕሳዒት ጉዋይላ
ኮቦሮ ተሓንጊጥካ ዝላ
ዳርጋ ዕብዳን ምድርባይ ነጸላ
ሕድሪ ስዉአት ተጠሊሙ
አብ ዓሚቅ ተቀቢሩ ሰጢ ሙ
ዓገብ ዝብል የሎን ሃጢሙ
አውያት እናሰመዐ ጸሚሙ
ድሕሪ ቶጎሩባ ተኻይዱ ውጋአት
ክንደይ ብቃጻ ከምኡውን ህጁማት
ካብ ዕርድታት ሓሊፉ ከተማታት
ተሓፊሱ እዚ ዘይብሃል ዓወታት
ውጋአት ተሰነይ ባረንቱ
ዓቅሎም አጽቢቦሙሎም ንምሽቱ
መዑታት ተጋደልቲ ዓበይቲ ናእሽቱ
ውገእ ካዕላይ ከተማ አቁርደት
አብጎቦ ወለድ ተባርቅ ሰውራ ምሳዓረደት
ሓይሊ ጸላኢ ልባ ጠፋአ ተዓነደት
መቀጸልታ ቶጎሩባ ውገእ ዒላበረዕድ
ፍናን ተጋዳላይ ሓይሊ ጸላኢ ክረዕድ
መሊቆም ጠፁኡ አትዩዎም ዕብድብድ
አብ ዕዉት ኩናት ማይ ዳማ ማይ ምነ

ንሰራዊት ደርጊ ሓመደ ጥንጥነ

አብ ውገእ ዓዲኻላ መንደፈራ

ዓወት ንህዝብና ንጸላኢ ክሳራ

ዉገእ ዳዕሮ ተኽሊ ውጋእት መረብ

ዉፉይ ተጋዳላይ ጸረ ጸላኢ ክረባረብ

ታንክታት ክማርኽ ብረታት ክሰልብ

እዚታት ከጻፍፍ ወጊሓ ታዓርብ

ጽንኩር ናብራ ህዝቢ

ክረክብ መዕለቢ

መስራቲት ቶጎሩባ ድምጺ ሃቢ

ነጻነት ሂብክና መጎልበቢ

ራህዋን ሓርነትን አሰዕቢ

ህዝብና ከያቱ አብናዕቢ

ካብ ጆርጆ ሃብተ

ሳንሆዘ ካሊፎርንያ